# ዘመነ ምጽኣት (1)

## ሰንበት ዘስብከት (17 Dec. 2006)

ንባባት፡ 1. ዕብ 1፡ 1 - 14
2. 2 ጳውሎስ 3፡
3. ዮሓ 1፡ 44 - 54

ስብከት፡ ፈኑ እዴከ እምአርያም
ኣድኅነኒ ወባልሐኒ እማይ ብዙኅ
ወእምእዴዊሆሙ ለደቂቀ ነኪር



### ኣስተንትኖ

ካብ ሎሚ ሰንበት ኣትሒዝና እቲ ን3 ሰናብቲ ንበዓል ልደት ዕላዊ ምስንዳው ጊዜ ይጅምር።እዘን ሰናብቲ ነናተን ስምን መልእኽትን ኣለወን፡ ዘስብከት፡ ዘብርሃን፡ ዘኖላዊ ይበሃላ።

ናይ ሎሚ መልእኽቲ ካብቲ ዝተነበልና ጥቕስታት ቅዱስ መጽሓፍ ክንርድኦ ንኽእል።

□ይ ንባብ ካብ ዕብራውያን ምዕ 1 ዝተወስደ ኢዩ። *ኣምላኽ ብዙሕ ጊዜን ብዙኅ መንገዲ ገይሩን ቀደም ነቦታትና ብነቢያት ገይሩ ተዛረቦም። ኣብዘን ዳሕረዎት መዓልትታት ግና ንኣና* ***በቲ ወራስ ኵሉ ዝገበሮ ብኣኡ`ውን ዓለም ዝፈጠረ ወዱ ገይሩ ተዛረበና።*** *ወልድ ናይ ኣምላኽ ክብሪ ዜንጸባርቕ፡* ***ንኹሉ ነገር ብኃይሊ ቃሉ ዜቕውም፡*** *ብባህሪኡ ፍጹም ኣርኣያ እግዚኣብሔር ዝኾነ ኢዩ። ካብ ኃጢኣትና ምስ ኣንጽሓና ኣብ ሰማይ ኣብ የማን ልዑል እግዚኣብሔር ተቐመጠ።" (1፡1-3)* ኣብ ቀዳሞት 4 ምዕራፋት ናይዚ መልእኽቲ እዚ ድማ ኢየሱስ ብስራት እግዚኣብሔር ምኻኑ ይገልጸልና። ኣብ ወንጌል ዮሓንስ ምዕ 1፡ 1-3 ***ብመጀመርታ ቃል ነበረ፡ እቲ ቃል እውን ኣብ ኣምላኽ ነበረ፡ እቲ ቃል'ውን ኣምላኽ ነበረ። ብኣኡ ኵሉ ተፈጥረ፡ ካብቲ ዝተፈጥረ ዘበለ ድማ ብዘይካ ብኣኡ ሓንቲ እኳ ዝተፈጥረ የልኖን።***

ኪብል ኣንከሎ እግዚኣብሔር ኣምላኽና ዝዛረብ፡ ዝግለጽ፡ ዝራኸብ ኣምላኽ ምኻኑ የረድኣና እሞ፡ ድምጺ እግዚኣብሔር ፈጣሪ ቃል ኢዩ፡ ***"ንሱ በለ ኮነ ከኣ፡ ንሱ ኣዘዘ ተፈጥረ ከኣ"፡*** *"ብኣኡ (በቲ ቃል) ኵሉ ተፈጥረ፡ ካብቲ ዝተፈጥረ ድማ ብዘይካ ብኣኡ ሓንቲ እኳ ዝተፈጥረ የልቦን።"*

ድምጺ እግዚኣብሔር መድኃኒ ቃል ኢዩ፡ ***"ንብዙኃት ውሉድ ናብ ክብሪ ምእንቲ ኬእትዎም፡ ነቲ ናይ ድኅነቶም መራሒ ብስቓይ ፍጹም ኪገብሮ ተገብኦ።"***

ምሕረትን ፈውስን ዜምጽእ ቃል ኢዩ፡ ***"ሓንቲ ቃል ጥራሕ ተዛረብ እምበር፡ ኣገልጋሊየይ ኪሓዊ ኢዩ ..."*** እዚ ቃል ኣይኪሓልፍን ኢዩ፡ ***"ሰማይን ምድርን ኪሓልፍ ኢዩ፡ ቃለይ ግና ኣይኪሓልፍን ኢዩ።"*** ።

ወንጌል ብዛዕባ ቀዳሞት ተኸተልቲ ጐ. ኢየሱስ ክርስቶስ ይገልጸልና፡ ካብ ቀዳማይ ምዕራፍ ዝተወስደ ጥቕሲ ኢዩ። ወንጌል ዮሓንስ ካብቶም ተመሳሰልቲ ካልኦት ወንጌላት (ማቴዎስ፡ ማርቆስ፡ ሉቃስ) በቀራርባኡ ኣጸቢቑ ይፍለ። ምናዳ ኣብ መእተዊ ቀዳማይ ምዕራፍ፡ ዮሓንስ ጠርኒፉ ትሕዝቶ ጽሑፉ ይገልጸልና። "ኣብ መጀመርታ ቃል ነበረ፡ እቲ ቃል ኣምላኽ ነበረ እሞ ሥጋ ለበሰ፡... ኣብ ሞንጎና መጸ፡ ናብቶም ናቱ መጸ። እቶም ናቱ ኢሉ ዝመጸም ሰብ ግና፡ ምቕባል ኣበዩዎ፡ ካብ ብርሃን ጸልማት መረጹ። እቶም ውሑዳት ዝተቐበልዎ ግና፡ ዉሉድ ኣምላኽ ኪኾኑ መሰል ረኸቡ፡ ካብ ሥጋ ወይ ደም ዘይኮነስ ካብ ኣምላኽ ተወልዱ ኢዮም። ካብ ምልኣቱ ጸጋ ኣብ ልዕሊ ጸጋ ተቐበሉ" እናበለ ይጅምር። ካብኡ ኣስዒቡ ምሉእ ዕላማኡ ኢየሱስ ኣምላኽ ምዃኑ ብትእምርትታት ዲዩ ብትምህርቲ ዲዩ ብናይ ካልእ ሰብ ምስክርነት ኪገልጽ እንከሎ፡ እቶም ኣብ ዙርያኡ ዘለዉ በቲ ሓደ ወገን ዚቕበልዎን ዝኣምኑውን፡ በቲ ሓደ ወገን ድማ እቶም ዚክሕድዎን ዚነጽግዎን ብሰንኩ ይከፋፈሉ ። ኣብቲ ካልኣይ ክፋል ናይዚ ቀዳማይ ምዕራፍ፡ ዮሓንስ መጥምቕ ንኢየሱስ ከለልዮን፡ ኪምስክረሉን፡ *"እንሆ እቲ ንሓጢኣት ዓለም ዚድምስስ በጊዕ እግዚኣብሔር!"* እናበለ ናብቶም ኣብዙርያኡ ዝነበሩ የቅርቦ። ነዚ ምስክርነት ዚሰምዑ ክልተ ተኸተልቱ (ማለት ዮሓንስ ወንጌላውን እንድርያስን) ንዓኡ ገዲፎም ንኢየሱስ ይኸተሉ፡ ምስ ኣመኑሉ፡ ከኣ እድርያስ ንጴጥሮስ ሓዉ ይነግሮን ናብ ኢየሱስ የምጽኦን።

ብናይ ዮሓንስ ወንጌላዊ ኣቀራርባ፡ ኢየሱስ ባዕሉ ዓዲሙ ወዲ መዝሙሩ ዝገበሮ ቀዳማይ ሰብ: ፊሊጶስ ኢዩ። ካብኡ ቀጺሉ ፊሊጶስ ንርእሱ ንዓርኩን ናትናኤል ምስ ረኸበ፡ *"እቲ ሙሴ ኣብ ሕጊ ዝጸሓፈሉን፡ ነብያት እውን ዝተነበዩሉን ኢየሱስ ወዲ ዮሴፍ በዓል ናዝሬት እምበር ረኺብናዮ!"* ኢሉ የውርየሉ። ናትናኤል ምእማን ምስ ኣበየ፡ *"መጺእካ ባዕልኻ ርአ*!" ኢሉ ሓጺር መልሲ ይህቦ እሞ፡ ናትናኤል ተንሂኡ ናብ ኢየሱስ ይኸይድ። ኣብ መጀመርታ ሰጋእታኡ ይገልጽ፡ ቀልጢፉ ግና ንኢየሱስ ይማረኸሉን ወዲ መዝሙር ድማ ይኸውን።

ኣብዚ ኣብነት እዚ ፍሉያት ነጥብታት ንመሃር

1. ኢየሱስ ካብ መጀመርታ ንዓኡ ዚኾኑ፡ ብቐረባ ዚኸተልዎን ምስኡ ዚኾኑን ደቂ መዝሙር ኬናናዲ ከምዝጀመረ

2. ነዞም ደቂ መዛሙርቱ ንገሊኣቶም ባዕሉ ከምዝመረጾም፡

3. ኣብ ልዕሊ እዚኣቶም፡ ሓዋርያቱ ባዕላቶም ዜምጽኡሉ ተኸተልቲ ኣለዉ

4. ኣብ መጨረሽታ ድማ፡ ኪዛረብን፡ ተኣምራት ኪገብርን፡ ዚሰምዕዎ ሰባት፡ ተማሪኾም፡ "ክንስዕበካ" ዚበልዎ ድማ ኣለዉ።

ሎሚ ክነትኩረሉ ተጸዊዕና ዘሎና ሓዋርያ ፊሊጶስ ኢዩ።

ሀ. ፊሊጶስ ለጋስ፡ ቀባጽ፡ ምስ ገዛእ ርእሱ ጨካን ስለዝነበረ ንኢየሱስ ኪስዕቦ ሓንቲ ቃል "ሰዓበኒ!" ኣኺሉዎ። ሓዳር ነይሩዎ ዲዩ ኣይነበሮን ክንፈልጥ ኣይንኽእልን፡ ግን ካብቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ቆሮንጦስ

ኪጽሕፍ እንከሎ *"ከምቶም ካልኦት ሓዋርያትስ ኣነስ ሰበይቲ ክትህልወኒ መሰል የብለይን ዲየ?"* ዝበሎ፡ ምናልባት ፊሊጶስ እውን ምርዕው ነይሩ ይኸውን። ኢየሱስ ግን፡ "ሰዓበኒ!" ምስ በሎ፡ ሽው ንሽው ኪኸተሎ እንከሎ ቀሊል ውሳኔ ኣይነበረ። እቲ ሃብታም መንእሰይ ባዕሉ ተወፊዩ፡ *"ፍጹም ኪኸውን እንታይ ተሪፉኒ"* ኢሉ ዝሓተተ ዝነበረ ኢየሱስ መንገዲ ምስ ሓበሮ፡ ገንዘቡ ከየጥፍእ ናይ ኢየሱስ ዕድመ ኣይተቐበለን። ካልኦት ኢየሱስ "ሰዓበኒ!" ዝበሎም ሰባት፡ *"ኣቦይ ኪቐብር ተጸበየኒ!"*፡ *"ካብ ቤተሰበይ ክፋኖ ጊዜ ሃበኒ!"* ኢሎም ከመኽንዩ ምስ ሰምየም ኢየስይስ፡ ሓዚኑ፡ *"ሃብታም ንመንግስተሰማያት ኪኣቱ ክንደይ ይጽግሞ!"* ወይ ከኣ *"ሙታን ንሙታቶም ኪቐብሩ ሕደጎም፡ ንስኻ ሰዓበኒ!"* እናበለ ኪሕይሎ ንርኢ፡ ነቲ ሳልሳይ ድማ፡ *"ኪሓርስ ተዋፊሩ ንድሕሪት ዚጥምት፡ ዚጠዓስ፡ ዝናፍቕ ንዓይ ኣይበቅዕን ኢዩ!"* ኢሉ ኪነጽጎ ንርኢ። ስለዚስ ናይ ፊሊጶስ ቈራጽነት፡ "ሰዓበኒ!" ተባሂሉ ኰሉ ሓዲጉ ዚመጽእ ኣብነት ይኾነና።

ለ. እዚ ጥራይ ኣይኣክልን፡ ፊሊጶስ ንናትናኤል ኪምስክረሉ እንከሎ፡ ገና ምስ ኢየሱስ ኣጸቢቑ ኣይተላለዮን ነይሩ፡ መንነቱ ገና ኣየጻረየን ነይሩ፡ "ኢየሱስ ናዝረታዊ፡ ወዲ ዮሴፍ" ኢሉ የቕርቦ። ዓቢይ ነገር ከምዝረኸበ ጥራሕ ተረዲኡዎ፡ ብዛዕባ ኢየሱስ ኪነግር፡ ንሱ ዝረኸቦ ጸጋ ካልኦት ኪረኽቡዎን ኪካፈልዎን ይደሊ። ኣቀራርባኡ'ውን ንመልከት። ናቱ ተሞኲሮ ይነግሮ፡ "ሙሴን ነብያትን ኢየሱስ ናዝራዊ ዝጸሓፉሉ ረኺብናዮ!።" ንዓ ተጸንበረኒ፡ ንዓ ከራኽበካ፡ ምስኡ ምኻድ ይሕሸካ ኢሉ ኣይርብጾን። ጥራሕ እታ ዝፈለጣ ኣይሓብኣሉን። *"ካብ ናዝሬት እንታይ ዚረብሕ ክይመጽእ ኢዩ"* ኣሉ ናትናኤል ምስ ሰሓቖ፡ *"ደሓን፡ መጺእካ ተዓዘቦ!"* ኢሉ ጥራሕ ይምልሸሉ እሞ፡ ቀስ ኢሉ ድማ ይዕወተሉ። ፊሊጶስ ሳላ ዝተዛረበ ግን፡ ናትናኤል፡ ብናይ ወንጌል ዮሓንስ ኣቀራርባ፡ ኢየሱስ ወልደ እግዚኣብሔር ምዃኑ ዝእመነሉ ቀዳማይ ሰብ ይኸውን።

ካልእ ጊዜ እውን ፊሊጶስ ንግሪኻውያን (ማለት ኣረማውያን፡ ዘይዓሌት ሕዝቢ ኣምላኽ) ናብ ኢየሱስ ባዕላቶም ኪቐርቡ ምድፋር ዚሰኣኑ ምስ እንድሪያስ ኃው ጴጥሮስ ኰይኑ የቕርቦም። ስለዚስ ፊሊጶስ ልኡኽ፡ ወይ መራኸቢ ኪኸውን ከም ሥርሑ ገይሩ ፊሊጶስ ወሲዱዎ ነይሩ ክንብል ንኽእል።

ሐ. ፊሊጶስ ግን ብቅድስና ካብቶም ካልኦት ሓዋርያት ዚዓበየ ኰይኑ ኣይንገረሉን (ከምቶም ካልኦት ድሕሪ ድራር ሓሙስ ኣብ ጌተሰማኒ ኢየሱስ ንቕሑን ጸልዩን ኢሉ ሓቲቱዎም እንከሎ ድቃስ በርቲዑዎ ይድቅስ፣ ኢየሱስ ኪተሓስ እንከሎ ጠንጢኑዎ ይሃድም፣ ኢየሱስ ካብ ሞት ተንሢኡ ንሓዋርያት ምስተራእዮም፡ ንሱ ከምቶም ካልኦት ምእማን ይስእን ወዘተ.)

ከምኡ ብመንፈሳዊ ፍልጠት ካብቶም ካልኦት ጸብለል ኣይብልን (ንሱ ዝጸሓፎ ወንጌል ወይ መልእኽቲ ወይ ራእዩ የልቦን)

ከም ጴጥሮስ ካብ ናይቶም ካልኦት ሓዋርያት ዚፍለ ሓላፍነት ብኢየሱስ ኣይተዋህቦን፡

ብዘይካ ወንጌላዊ ዮሓንስ፡ እቶም ካልኦት ወንጌላውያንን ደረስቲ ሓዲስ ኪዳንን ምስቶም ካልኦት ሓዋርያት ስሙ ምዝርዛር እንተዘይኰይኑ፡ ብዛዕባ ፊሊጶስ ካልእ ዜዘንትውዎ ፍሉይ ነገር ብፍጹም የብሎምን። ስለዚስ ካብቶም ውሩያት ሓዋርያት ነይሩ ክንብል ኣይንኽእልን።

ድሕሪ በዓል ጰራቅሊጦስ ኣበይ ከይዱን እንታይ ከምዝገበረብ ዝተመዝገበ ነገር የልቦን።

እምበኣር ዕቤትን ፍሉይነትን ቅዱስ ሓዋርያ ፊሊጶስ፡ ሓደ ማንም ካብቶም ዓሰርተ ክልተ ሓዋርያት፡ ምስክር ክርስቶስ፡ ዓንዲ ቤተ ክርስትያን ምዃኑ ጥራይ ኢዩ።

ኢየሱስ ባዕሉ ቃል ኣምላኽ ኢዩ፡ ንሱ ንርእሱ ኣዋጅ ምሕረትን ዕርቅን ኣምላኽ ኢዩ፡ ግና ሎሚ እውን ከም ፊሊጶስ፡ ዚነግረሉ ሰብ ይደሊ፡ ሎሚ እውን ነብያት፡ ሓዋርያት፡ ሰበኽቲ፡ ወንጌላውያን፡ ገበርቲ ተኣምራት፡ ጸለይቲ፡ ኣማለድቲ፡ ተንበርከኽቲ ይደሊ። ፊሊጶስ ዚኾኑዎ መስከርቲ ይደሊ። ሓድሓደ ጊዜ፡ ኢየሱስ፡ እቶም ዝፈወሶምን ካብ ባርነት ሸይጣን ዝለቐቖም ሰባት፡ ካብ ኪጽንበሩዎስ ኣምላኽ ዝገበረሎም ኪነግሩ ኣብ ግዝኦም ኪተርፉ ይመርጽ ነይሩ። ሓድሓደ ጊዜ ኢየሱስ ናብ ሓደ ዓዲ ወይ ሃገር ቅድሚ ምኻዱ ሓዋርያቱ ኣብኡ ኣቐዲሞም ኪኸዱ እሞ፡ መንግሥቲ ኣምላኽ ኪሰብኩ የተባብዖም ነበረ። ሓዋርያት ድማ ተሓጒሶም *"ሸጣውንቲ ከይተረፉ ይእዘዙና ነበሩ!"* ዝረኸብዎ ዓወት ንኢየሱስ ይነግሩዎ ነበሩ፤ ሓድሓደ ጊዜ ግን ዝገበሩ እንተገበሩ ንሸይጣን ምስጓጉ ይስእኑ ነበሩ እሞ፡ *"ሰልምንታይ ክነውጽኦ ዘይኸኣልና* ኢሎም ንኢየሱስ ኪሓትዎ ይርከቡ ነበሩ። ኢየሱስ ድማ ምኽንያት ረኺቡ ጥልቕ ዝበለ ትምህርቲ ሂቡ፡ መሊሱ ይልእኾም ነበረ። ድሕሪኡ ኢየሱስ ኣብቲ ኪኸዶ ዝሓሰቦ ዓዲ ምስ ኸደ ስንዱው ባይታ ይረክብ እሞ፡ ፍሬ ዘለዎ ባይታ ይረክብ።

ናባና ንምጻእ፡ ከም ፊሊጶስ ኰይና ንሕና እውን ዝረኸብናዮ ሓዲስ ነገር፡ ዘካፈልናዮም ሰባት ኣለዉናዶ? ካብ ገዛና እውን ከይረሓቕና፡ ካብ ማኅበርና ክንደይ ዝተርፉ ሰባት ኣለዉ፡ ገሊኣቶም ብሕማም፡ ገሊኣቶም ብድኻም፡ ገሊኣቶም ብሸለልትነት፡ ገሊኣቶም ዝግደሰሎም ሰብ፡ "ዚጓስዮም" ሰብ ስለዘይረኸቡ ዝጠፍኡ ኣለዉ።

ኣብ ሓደ ጽሑፍ ከምዝረኸብክዎ፡ ሓደ ተምሃራይ ዘርኣ ክህነት ንሓድሓደ ካህናት ኣብ 25 ዓመት ክህነታዊ ኣገልግሎት ንሓደ ወይ ክልተ ዚትክእዎም ካህናት ምፍራይ ብምስእኖም ይወቕሶም። ናይ ፊሊጶስ ኣብነት ኪኽተሉ ኣይከኣሉን ማለት ኢዩ። ናይዚ ተሃራይ ወቐሳ ንነፍሲ ወከፍ ምእመን ዚትንክፍ ኢዩ፡

ፊሊጶስ ገና ብመንፈስ ቅዱስ (ቅድሚ በዓል ሓምሳ) ከይመልአ እንከሎ ኢዩ ንናትናኤልን ነቶም ግሪኻውያንን ምስ ኢየሱስ ዘላለዮም ስለዚስ ሓዋርያውነት ትምህርቲ፡ ቅድስና፡ ፍሉይ ህያብ ወይ ሓላፍነት ዚሓትት ኣይኮነን። ማንም ክርስትያን ምስክርን ሓዋርያን ኪኸውን ከምዚኽእልን ሓላፍነት ከምዘለዎን ካብ ፊሊጶስ ንመሃር።